ስለዝነበረ ንዝጸንሖ ቋንቋን ባህልን ክለምድ ተገደደ። ሓዲሽ ቋንቋ ክለምድ ዝኽኣለ ኸዓ ብዝመስል ናብ መሬት ካያይታ ስለዝቐረበ ኣብቱ ዓዲ ዝጸንሕዎ ተዛረብቲ ሳሆኛ ስለዝነበሩ ኩነታት ጉርብትናኡ ኣገዲዱዎ ኢዩ። ሠመ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ኣብቱ ዓዲ ዝጸንሑ፡ ን"ማዕሪ-ብላዕ" ናብቱ ዓዲ ይመላለሱ ዝነበሩ ሓዞን ደብሪ መላን እውን ከም ካያይታ ተናገርቲ ሳሆ ከምዝነበሩ ዝፍለጥ ኢዩ።

ሎሚ ናይ ትግርኛ ቃላት ኣብ ቋንቋ ኢሮብ ይዝውተሩ ኢዮም፤ ምክንያቱ ከዓ፡-

- ከባቢ ኢሮብ ተዛረብቲ ትግርኛ ስለዝኾኑ፤
- ምናልባት እናጠፍኤ ከይዱ ድኣ እምበር ካብ ቀዳሞት ነበርቲ ("ሓመዶን" "ዶበዓን"[35]) ትግርኛ ዝዛረቡ ነይሮም ክኾኑ ይከኣል።
- ሠመን ደቂ ሠመን ባዕልቶም ኮነ ብመውሰቦኣቶም ናብ ተዛረብቲ ትግርኛ ስለዝተቓረቡ ይኸውን።

ስለ'ዙይ ክልቲኤን ቋንቋታት ብምድብላቐን ሓደ ሓደ ናይ ትግርኛ ቃላት ከም ሳሆ ተለሚዱ ይኸውን።

ቋንቋ ኢሮብ ካብ ካልእ ቋንቋ ሳሆ ዝተፈለየ ክኸውን ዝኽኣለሉ ምክንያት፣

- ከም ካልእ ቋንቋ ገለ እናወሰኸ ገለ እናቐነሰ፣ ናይ ፊደላት ምልሕላሕ ወይ ምጥባቕ ጠባይ ከማኡ'ውን ፍልይ ዝበለ ወዳድቓ ድምፂ (intonation) ኣምጺኡ ክኾን ይከኣል።
- እቶም ደቂ ወረደምሕረት ናብ እተፈላለየ ቦታ ምስ ከዱን ምስ ኣጠሹን ናይ በበይኑ ቦታ ፍልልይ ስለዝፍጠር ቁሩብ ክለዋወጥ ይከኣል። እዙይ ንምርዳእ ኣብ ጊዜ ዕድመና'ኳ ክንደይ ናይ ቋንቋን ቃላትን ለውጢ፣ ከማኡ'ውን ስብርባር ተፈጢሩን ይፍጠርን ከምዘሎ ምስትውዓል ይከኣል።
- ምናልባት ኢሮብ ብበብዓይነቱ ባህላዊ ጐንጽታት ካብ ካልእ ሕዝቢ ተፈልዮም ጸኒሖም ድኅሪ ጊዜ ምስ ተቓረቡ እንካብ እተፈላለዩ ቋንቋታት ተጸሚቔ ዝወጸ ክኸውን እውን ይከኣል። ነገር ግን ኣብ ምዕባለ (evolution) ዝኾነ ይኹን ቋንቋ ብሕውስዋስ ምብራዝ ከምዘይተርፍ እውን ክፍለጥ ኣለዎ።

[35] ኪዳነ ወልድ ክፍሌ፡ መጽሐፈ ሰዋስው፡ ወግስ፡ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ፡ ገጽ ፲፪ ረአ።



ሓዲሽ ቋንቋ ደቂ ሠመ ንነዊኅ ጊዜ ምስ ከባቢ እንከይተኣታተወ ወይ ብናይ ኣካባቢ ሰባት እንከይተፈልጠን እንከይተበጽሐን ኣብ እተወሰነ ቦታ ተደሪቱ ምስ እተወሰነ ባህሊ ብምጽናሑን ምስ ወሰናስን ርኽክብ ብዘይምግባሩን ናይ ሎሚ ኢሮብ ቋንቋ እውን ሳሆ ኮይኑ ቀጺሉ።

